# ኣንፈት ጉዕዞ ቃልስና ዝሕብሮ !

ሃገር ማለት ህዝቢ ዝተደመሮ ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ኮይኑ ፡ ምስ ባህልኻን ልምድኻን ዝሳነን ብልቢ እትዓግበሉ ኣገባብ ምሕደራ ፡ ምህርቲ ፍልጠት ሽሻይ እትሓፍሰሉ ፡ ዓውደ-ትምህርቲ እትእንገደሉ ፡ ካብ ተጻይ-ጥዕና ፡ ሕክምና ረኺብካ እትገላገለሉ፡ ትሕተ ቅርጻ ኣዋዲድካ ራህዋ እትሻመወሉ ፡ ኮታ ሃገርካ ማዕቢላ ምኡዝ ዝኾነ ሂወት ከተሕልፍ ፡ ሕደግዶ ጻዕረኛ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ተራሰብ እንተኾነ'ውን ዝምነዮ እዩ ፡ ትምኒት ግን ንበይኑ ኣኻሊ ምኣስ ኮይኑ ፡ ንትምኒትካ ኣብ ጋህዲ ንክትቅይሮ ፡ ቅድመኩነት ክፍጸሙ ዝግብኦም ጉዳይት ኣለዉ ፡ ነዚኦም ብድሆታት ክትሰግሮም ኣለካ ፡ ክትሰግሮም ግን ፡ ብኸመይ መንገዲ ?

እቲ ቀዳማይ ዝቐርብ ምርጫ ፡ ብስራሕ ፡ ኣብ ቃልሲ ተወፋይነት ፡ ክሳብ ርእሰመስዋእቲ ዝጠልብ ግድል ዝጸንሓካውን ኣሎ ፡ ክትሰግሮ ግድን ስለዝኾነ ክኣ ፡ ንህዝብኻ ናይ ዘልኣለማዊ ራህዋ ንክትዕድል ፡ ንእትፈትዋ ሂወትካ ፡ ትብጆ ፡ እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ሓድሽ ነገር ስለዘይኮነ ፡ ማለት ንጸገሙ ብገዛእ ርእሱ ናይምፍታሕ ምብልሓት ስለዘጥረየን ፡ ከም ወርቂ ኣብ ሓዊ ስለ ዝተፈተነ ፡ ክምህ ከይበለ ኣብ ርሒብ ቃልሲ ተጸሚዱ ይርከብ ፡ ክሳብ ሕጂ ኣመዝጊብዎ ዘሎ ፡ ውጽኢት ክኣ ንዓለም ዘደነቖን ፡ ንጭኩን ህዝቢዓለምን ብፍላይ ንጸሊም ህዝቢ ኣፍሪቃን ፡ ኣብነት ኮይኑ ምህላዉ መስኩሩለይ ዘይድልዮ ሓቂ'ዩ ፡

እንታይ እዩ ግን እቲ ምስጢር ? ብሕጽር ዝበለ ክምለስ እንተድኣኮይኑ ፡ ካብያታዊ ባህልና ዝወረስናዮን ፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘማዕበልናዮም ክብርታት እዮም ፡ ነዚኦም ክብርታት ስለዝዓጠቕና ክኣ'ይና ፡ ነቲ ነዚ መዓልቲ ክውዳእዩ ኢልካ ዘይትሳዝዮ ዝነበረ ጸገም ፡ ብኤርትራዊ ዓቕሚ ዝፈታሕና ፡

ነዚኦም ክብርታት ስለዝዓጠቕና ክኣ'ይና ፡ ውዲትን መልሓስን ናይቶም ፡ ንኣሳጉማ ቃልስና ፡ እንትርፎ ኣብናይ ሕልሚ እንጀራ ምህውታት እንተዘይኮይኑ ፡ ክንዲ ፍረአድሪ'ውን ትኹን ለወጢ ክነምጽእ ከመዘይንኽእል ንዓለም ከእምኑ እንቅዓ ዝዓፈሩ ፡ መልሓሶም ዓጺፍና ፡ ኣብ'ቲ ምዕሩግ መዓልቲ ምዝዛም ታሪኻዊ ዓወትና ፡ ከምትዓዘብቲ ዘኣንገድና ፡

ነዚኦም ክብርታት ስለዝዓጠቕና ክኣኢና ፡ ብዘይ ሓገዝ ናይተን ምዕቡላት ኢና በሃልቲ ክትሰርር ዘይትኽእል ብፕላኔት ጸለምቲ እትፍለጥ ኣህጉርና ኣፍሪቃ ፡ ብርእሰትኣማንነት ፡ ንጉዕዞን ምረሻን ምዕባለ ኣንፈቱ ፈሊጥና ፡ ድግድጊት ትዓጢቕና ንኣድማዒ ውጽኢት ብስራሕ ጋም-ማን እናበልና ብዘደንቕ ውጽኢት ንቖድሚት ንሕምበብ ዘሎና ፡

ነዚኦም ክብርታት ስለዝዓጠቕና ክኣ'ኢና ፡ ሓንቲ ምዕብልትን ዘይትድፈር ሃገር ክንሃንጽ ኣለና ኢልና ብተግባር ተበጊስና ዘለና ፡

ነዚኦም ክብርታት ስለዝዓጠቕና ክኣ'ኢና ፡ ቁጠባውን ፖለቲካዊ መዳያትና ኣኻዕቢትና ልዑላውነት ሃገርና ኣውሒስና ፡ በቁጠባን ጅኦ/ፖለቲካውን ፡ ስነፍልጠትን ሓንቲ ህጥርቲ ኤርትራ ፡ ንመጻኢ ወለዶ ከነውርስ ሓላፍነትና ኣብ ምትግባር ንጎዩ ዘለና ፡

እዚ ክንብል እንክለና ግን እቶም ክብርታት እንብሎም ኣየኖት እዮም ? ኣብነጻ ሃገርና ፡ ከነተግብሮም ዘገደደና እንታይ ራኢ ስለዘለና ፡ ወይ ኣየኖት ዕላማ ንምውቃዕ'ዩ ክንፈልጦምን ከም-ማይ ጸሎት ንግሆ ንግሆ እንተደገምናዮም'ውን ምኣስ ይጽላእ ኮይኑ ፡ ብዓቢኡ'ኳ ንምትግባርም ኣብ ስራሕ ተዋፊርና ኣለና ፡ እምብኣር ገለ ካብ ክብርታትና ወስ ከብል ክፍትን እየ ፡ ከምኣብነት እንወስዶም ገለ ካብኦም ንምጥቃስ ( ስራሕ ፡ ርእሰትኣማንነት ፡ እምነት ፡ ፍቕሪ ፡ ፍትሒ ፡ ምእዝዙነት ፡ ተወፋይነት .... ) ዝኣመሰሉ ይርከብዎም ፡

ንኣየናይ ራኢ ንምብጻሕ ዝብል ሕቶ ፡ ሃገራዊ ስኒት ፡ ፖለቲካዊ ዲሞክራሲ ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ፡ ባህላዊ ትንሳኤ ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር ፡ ንምትግባር ዝዓለመ እዩ ፡ ስለዚ ካብዚ እንርድኦ እቶም ክብርታት ፡ ኣንጉዕ ናይ'ቲ ከነተግበሮም ዝደሌና ራኢና ክኾኑ እንክለዉ ፡ እቶም ከነተግበሮም ኣብቃልሲ እንርከብ ራኢና ፡ ክኣ ኣዕኑድን እምነኩርናዕ ፡ ቀጻልነት ናይ ሂወትና እዮም ፡ ካብኮነ እምብኣር እጽንሓለይን ውዓል ሕደር ዘይብሃሎ ቀንዲ ውራይና ስለዝኾነ ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ፡ ካብ ቀንዲ ቀዳምነታት ሰሪዑ ንምትግባሩ ፡ ኣብ ብርቱዕ ናይ ስራሕ ጥምጥም ተጸሚዱ እንሆ ፡

እምብኣር ዕላማና ፡ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርና ደመቑ ከምዝሕብሮ ፡

1. ኣብ ምዕቡል ሕርሻ ፡ ኢንዳስትሪ ፡ ንግድን ካልኣት ኣገልግሎታትን ዝተመስረተ ፡ ድሌታት ህዝቢ ዘርዊ ፡ ውሽጣዊ ዓቕምታት ዘማዕባል ፡ ጥንቁቕ ኣጠቓቕማ ባህርያዊ

ከባብን ሃብትን ዘዘውትር ፡ ኣብ ናጻ ዕዳጋን ናጻ ዋኒንን ዝተሞርኮሰ ፡ ሓያል ሃገራዊ ቁጠባ ደረጃ ብደረጃ ምህናጽ ፡

2. ናይ ኤርትራ ስትራተጂ ቁጠባዊ ምዕባለ ኣብ ማሕበራዊ ፍትሕን ቁጠባዊ ደሞክራስን ንክምስረት ምቅላስ ፡
3. ብነዊሕ ኩናት ንዝዓነወ ቁጠባና ንምሕዋይን ንምምዕባልን ፡ ከምኡ'ውን ነቶም ብሰንኪ ኩናት መነባብረኦም ዝተመዛበለን ዝተበታተነን ክፋላት ሕብረተሰብና ንምጥያስ ኣብ ሃገራዊ ቁጠባ ግቡእ ቦታኦም ከም ዝረክቡ ንምግባርን መደባት ምሕንጻጽን ምፍጻምን ፡
4. መንግስቲ ንምህናጽ ሓያል ሃገራዊ ቁጠባ ዘኽእል ምቹእ ኩነታት ከምዘጣጥሕን ደራኺ ተራ ከም ዝጻወትን ፡ ንብዙሓት መንግስታት ካብ ዘሳቒ ዘሎ ሕዱር ብልሸውናን ናይ ዕዳ ታኼላን ናጻ ኮይኑ ሃገራዊ ረብሓ ብምቕዳም ከምዝሰርሕን ምርግጋጽ ፡
5. ዳይናሚክ ፡ ተወዳዳሪ ብዘበናዊ ጥበብ ዝምራሕ ፡ ርእሰ ምትእምማን ዘለዎ ፡ ኣብ ቁጠባ ኤርትራ መራሒ ተራ ዝጻወት ሃገራዊ ግላዊ ክፋል ንኽምዕብል ምትብባዕ ፡
6. ቁጠባ ስትራተጂ ኤርትራ ኣብ ህዝባዊ ተሳታፍነትን ምምዕባል ውሽጣዊ ዓቕምታትን ከምዝሙርኮስ ምግባር ፡
7. ብርእሰ - ሙርኮሳ እናተመራሕና ኣህጉራዊ ቁጠባዊ ምትሕብባርን ወፍሪ ርእሰማል ወጻእን ምድልዳልን ምትብባዕን ፡ ዝብሉ ይርከብዎም ፡

ኮይኑ ግን ትሓጓሚ እንክሎ ትሓዚ ... ከምዝበሃል ፡ ንጸገምና ከምጸገመን ኣምሲለን ፡ ንሂወትና ከምሂወተን ፡ ንጉዳይና ከምዋኒነን ኣምሲለን ፡ ኮታ ሓለይትን ተጨነቕትን ህዝብታት ዓለም ኮይንካ ፡ ናይ ምውሳእ ስግንጢር ካብምኳን ጌና ዘይስልቸወን ኣለዋ ፡ ካብኡ ናብኡ ምዕራባውያን ሃገራት እንተብልና ዝተጋነነ ኣይኮነን ፡ ንምሕደራ ዓለም ከም ክኢላ ገበጣ ፡ ሓንሳብ ምስ ኣጻወድኦ ፡ በቲ ድልየተን እቲ ጸወታ ክዛዘም ስለዘለዎ ፡ ብኹሉ እንትንእን ኣብ ሓያል ጻዕሪ ካብ ዝጽመዳ ፡ ሓደሚእቲ ሓሊፉስ ፡ ትልሚ ካልኣይ ሚእቲ'ውን ብጌጋ ጀሚረናኦስ ብኣጊደን ዘንበድበድኦ ሓዊ ኣእዳወን ክሞርቓ ንዕዘብ ኣለና ፡

እቲ ብኣፈሙዝ ጎበጣ ፡ ያኢ ለቢመን ተባሂሉ ፡ ብውሃ ዝተባህለ ምሁራነንን ፡ ውሕሉላት ናይ ፖለቲካ ክኢላታት ፡ ብሓድሽ ስዉር መግዛእቲ ፡ ብማሕንቖ ቁጠባን ፡ ምስላል ክኢላታት ምሁራት ፡ ምጥቃስ ጎረባብቲ ሃገራት ፡ ( ንክትበልዖ ዝደሌኻ ኣበጉምባሕ ዛግራ ትብሎ ) ነብሰይ ባዕለይ ከምሓድር ንዝበለት ሃገር ፡ ግብረሸበራ ፡ ወይ ትሓጋጋዚት ናይ ግብረሸበራ እናበልካ ፡ ከምኡውን ሓድነት ህዝቢ ናይ ሓንቲ ሃገር ብዝተፈላለ ሜላታት ተጠቒምካ ኣብፍጹም ክዕረየሉ ዘይክእል ምብትታን ፡ ሽው ነቲ ዓውለማ ዝብል ገባቲ ምሕደራ ዕላምኣን ንምዕዋት እዩ ፡ እዚ ኣብ ዝሓለፉ ዕስራ ዓመት ሰሪሖምሉ ፡ ውጽኢቱ ክኣ ፡ ከምቲ ዓቢ ኦም ክወድቕ እንክሎ ንከባቢኡ ለኪሙ ዝዓኑ ፡ እዘን ፡ ንዓለምና ከምድላየን ክፍንጥሕኣን ክኣስርኣን ዝጸንሓ ፡ ብባዕላተን ዝፈጠርኦ ሰበብ ግዳይ ሳዕበናቱ ኮይነን ተጠሊዐን ኣውያት ክዱርጉሓ ንሰምዐንን ንርእየንን ኣለና ፡ ( ንጉስ ኣይጥራዕ'ዩ ነገሩ ) ፡

ናይሎሚ መንግስቲ ኤርትራ ናይትማሊ ህ.ግ.ሓ.ሌ ፡ ነዝን ክንድዝን ፍጻመ ፡ ኣብግምት ብምእታው'ዩ እምብኣር ፡ ጌና ብዕሽልነቱ እንከሎ ፡ ካብግዜ ሓርነታዊ ቃሊሲ ኣትሒዙ ፡ ነብሰኻ ምኽኣል ዝእምነትና ፡ መፍትሒ ሽግር ናይህዝብና ፡ ጭርሖ ኣልዒሉ ፡ ንምትግባሩ ብዘይ ተጉላባነት ሻምልኡ ኣልዒሉ ንነብሱ ቀዳምነትወፍዩ ፡ ጌና ኣብቲ ኩሩዕ ደጀን ሕዛእቲ ጀጋኑ ፡ እንከሎ ፖለቲካዊ ዕድሉ ባዕሉ ዝጨበጠ ፡ ሎሚ ግዳ መሬት ሃገሩ ፡ ቀይሕ ባሕሩ ፡ ሰማዩ ኣየሩ ፡ ባዕሉ ምሰ ምስህዝቡ ተቖጻጺርዎ ፡ ንዝኾነ ቅዱስ ተግባር ንምፍጻም ሻነይ እምበር እንታይ ዝኸልክል ኣለዎ ፡ ጠባይ ዝጎደሎ ክኣ ኣብኣ ትደዮ ፡

እዚ ክንብል እንከለና ግን ፡ ነዚ ክዉን ንምግባር ፡ ርሒብ መንገዲ ተረኺቡ ሸናዕ እናበልካ ትጓዓዝሉ ዘይኮነ ፡ ነቲ ብደገን ብውሽጥን ዝተፈብረኸ ዓንቃጺን ዓማጽን ብድሆታት ሰጊርካ ብመስዋእቲ ዝተረጋገጸ ዝተጨበጠ ሓቂ እዩ ፡

ንዘረጋገጽናዮ መስተርሆ ንምዕቃቡ ኣብምዑት ቃልሲ እናሃለና ፡ ንምትዕንቃፍና ብኣንጻሩ ምዓት ዶላራት ዝፈሰሶ እከይ ውዲታት ጎኒ-ጎኑ ከምዘሎ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘይስሕቶን ዝረብረበሉ ጉዳይ'ዩ ፡ ብዓቢኡ'ኳ ፡ ንምረሻ ምዕባለ ሃገርና ዝዓንቀጸ ዝተሰንዐ ዝባረኽዎን እዉጅ ወራር ናይ ጃንዳ ላቼባ ወያነ ፡ ገጢምና ፡ ሹም-ዓቢ ኣቢልና ( ረቲዕና ) ኣብ ክወጸሉ ዘይክእል ታኼላ ጥፍኣት ተሸሚሙ ንርእዮ ኣለና ፡ እዚ ምዕዋት ምስኣበዮም ፡ እቲኣ ኣብ መወዳእታ ኣርብዓታት ዝነፈሰት ክዑሶ፡ ፈላሊኻ ግዛእ ዝብል ሜላ ዳግማይ ብምጥቃም ፡ ነዚ ዘተግብሩ ሃሱሳት መቐጸልታ ናይ ሓሙሻይ መስርዕን ፡ ራስገዝን ፡ ብዕላማ ኣርባዕተ ዝተጠመቑ ምግዱራት ፡ ኣብ ምልቃብ ድሓሪ ምውፋር ፡ ናይ ላቼባ ላቼባ ፡ ሃሰው ኢሎም ድሕሪ ምርካብ ፡ ብዝንባሊኦምን ውልቀ ረብሕኦምን ፡ ኣንጻር ሃገሮምን ህዝቦምን ንከንቱ ኣብህርድግ ሰሪያሞም ይርከቡ ፡

እዚ ፍቱን ብዝሓለፉ ሓረበኛታት ኣቦታትና ፡ ዝፈሸለን ፡ ዝተቐብርን ፡ ንዓና ንደቆም ዚያዳ ሃገራውነት ዕጥቂ ኣደልዲልና ከምንዓጥቕ ዝገበረ ኣምር ፡ ሎሚ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን ዝፈነውዋ ነፋስ ኩዑሶ ፡ ከምዓይኒ ዓራት ቀዳዳት ኣብዚሓ ንዝያዳ ክሳራታት ዓዲማ እቲ ሓደ ንነብሱ ኣብሰለስተ ከፊሉ ከምሰለስተ ኣካል ንነብሱ ብምቕራብ ፡ ኣብ ኩምራ ዓፍራ ረጊጹ ንቅባጸት ነብሱ ኣብምፍናው ይርከብ ፡ ማይ ካብ ዓይና ከምዝብሃል ፡ እቶም መማህራኖም ፡ ኣብዘመንና ካብዓለም ብሓሶት ክብረወሰን ዝሓዙ ጭፍራ ማለሊት ከምምኳኖም መጠን ፡ ካብዚ ጭፍራ ብርኪ ዝወጸ ዝኸፍኣ እንተዘይኮይኑ ዝሓሸ ንክትረክብ ግዜኻ ምብኻን እዩ ፡

ብሰንኪ ሕማቕ ሕልናን እከይ ውዲትን ቅርሕንትን ፡ እስከ ናይ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣበርክቶ ምጽብጻብ ይጽንሓለይ ኢልና ፡ ኣብ ምንዳቕ ሃገራውነት ሓኪሎም ንዓሰርተ ትሽዓተ ዓመት ድሕሪት ዝተረፉ ፡ ሎሚ ኣብጎድኒ ጭፍራ ማለሊት ተሰሪዖም መሰል'ዶ ዲሞክራሲ ኢሎም ክግዕሩ ናይብሓቂ የሕዝኑኻ ፡ እቲምንታይ'ሲ ብሃማት ስለዝኾኑ ፡ ከመዮ ኢያዝብኢ ኣብልዕሊኡ ዘሎ ሓኸሊ ከይርኣየስ ፡ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ስጋ ዘቋምት ናይ ብሓቂ ዓያሹ ሌባታት እዮም ፡

መልሓስ ዓጽሚ ስለዘይብላ ኣብድላይካ ክትጠውያ ትኽእል ኢኻ ፡ ግቡእ ዝበሃል ዓቢ ሕቶ ከምዘሎ ግን ዘንጊዖሞ ፡ ሕቶ መሰልን ግቡእን ማዕረማዕረ እየን ዝሳግማ ፡ ዓመጸኛታት ብሙኳኖም ፡ ብመንገዲ ዓመጽ ኮኺድዱ መሪጾም ፡ እዝግን ምኣስ ጥራይ ፡ ኣብ ፈቐዶ ዓዲ ጓና ተኾይጦም ፡ ብስም ተ.ሓ.ኤ ንፍርቂ መዋእል ንህዝብና መንጪተሞን ፡ ክሕተትሉ ምኳኖም ኣዳዕዲዖም ስለዝፈልጡ ፡ ዝኾረዩን ዝተደናገሩን ኣብ ምንዳይን ሃሰው ኣብምባልን ( ኣጣፍኡና ዝዓይነቱ ) ፡ ካብ መሬት ከብዲኣድጊ ምኳና ጀሚሮም ጽሓይ ክሳብ ዝዓርብ መርዚ ክነዝሑ ይርኣዩ ፡ ዓሻስ ቅልጽሙ እንተሓበጠ ዝሓየለ ይመስሎ ከምዝበሃል ፡ ካብ ጉዕዞ ምህናጽ ሃገር ዝትሓለሉ ምህሙናት እነተረኽቡ ምንጊጋኦም ክሳብ ዝቕደድ ኣብፈቐዶ ኣብያተጽሕፈታት ፡ ንህዝቢ ሓገዝ ኣይትሃቡ ፡ ንኤርትራ ኣብመዝገብ ግብረሸበራ መዝግቡልና ተባሂሉ ብዝዓቕሞም ፌርማታት ኣኪቦም ኤርትራ ኣብ ግዜ ወራር ወያኒ ኩና ከምዝጀመረት ንምምስካር እንቅዓ ዝዓፍሩ ብሕጋዊ መዳይ ዝረታዕናዮ መሬትና ፡ ናይ ወያነ ንሙኳን ከእምኑ ዝፍትኑ ፡ ስለዝታአሰርናዶ ስለዝተሞቓሕና ተባሂሉ እዚ ዘይብሃል ኩምራሓሶት ተማሂዞ ፡ ንምብትታን ሓድነትና ቀቢላውን ኣውራጃውን ዕጥቂ ተቐኒቶም እንጉይ ኣባይ ( ናይዝብኢ ) ወጋሕታ ኣብ ምንቃው ይርከቡ ፡

ዘገርም ተርእዮ እዩ ፡ ኤርትራ ሃገርና ጉራጉራ ከስዐ ኣለዋ ዝበሃልሲ ሓቂ'ዩ ትብል ፡ መኸንያቱ ፡ነቲ ንእስነቱ ኮሊፉ ፡ ንድሕነት ሃገሩ ፡ ንክብሪ ህዝቡ ፡ ንቀጻልነት ምንባሩ ፡ ደኺመ ረብሪበ ከይበለ ፡ ኣብ ትንሳአ ሃገር ወፊሩ መዘናኣልቦ ቃልሲ ዘሰላስል ዘሎ ጅግና ህዝቢ ኤርትራ ርኢኻን ፡ ነዞም ኬይሓረሱ ከይምሓሱ ፡ ኣብ ዝሃነጹሎም ባይታ ተኾይጦም ፡ ንጥንቅልዒት ክሽኑ ክትርእዮም እንከለኻን ፡ መጉሃይቲ ኣዝማዶም ኢልካ ፡ ከምሂወት ዘለዎ ኣስከሬን ትፍንፍኖም ፡ እዋኑ ግን ፈንፈንካ ምጽያፍ ዘይኮነ ፡ ዕነ ኣብ ቦታ ዕነ ክንሓፍ ስለዘለዎ ፡ ኣለሊኻ ንኽሉ ከከም ኣበርክቶኡ በቦትኡ ምውጋን እዋኑ ዝተቓረበ ይመስል ፡ እቲ ነዛ ሃገር ከማዕርጋ ክዝንና ፡ ኣብግዜ ሽግራ ዝሸገር ዝነበረ ፡ ስለራህውኣ ጽዋእ ዕረ ፡ መሪሩኒ ከይበለ ዝጨለጠ ፡ ንሕሰምን መከራን ዝተቓልዐ ፡ ነቲ ኣብእዋን ጸበብኣ ብማዕዶ ብርሃን ዝርኣዮ ንምርካቡ ብጸድፍን ቅራርን ዝሳገመ ፡ ሎሚ እዋኑ ኮይኑ እዋን ክብሪ ፡ እዋን ሓርነት ፡ እዋን ኤርትራውነት ፡ እዋን ኩሉ መሰላትካ ኣብኢድካ ምጭባጥ ብሙኻኑ እንቋዕ ኣሞጎሰካ ክብል ዝስመዓኒ ተድላ እዚ ኢለ ክገልጸ ኣይክእልን ፡ ምንጩ ክኣ እናኣማዕበልና ዘምጻእናዮ ክብርታትና ትዓጢቕካ ነቲ ዘይውዳእ ዝመስል ዝነበረ ጉዕዞ ሓርነት ስለዝተጎዓዝካ ፡ ኣገናዕ ወዲ ኤረ ሓየት እንቋዕ ምፍጣረይ ካባኻ ኮነ ይብለካ ፡

እንተቶም እናርኣዩ ዝሞቱ ፡ እናሰምዑ እንተተቐበሩ ፋዕራ የብልናን ( ክር እብለኪ ፡ ዓስ እብለኪ እንተኣቢኺ ኣብ ኣፍ ነብሪ ያእቱኺ ) እቲምንታይሲ ናቶም ምርጫ ስለዝነበረ ፡ ካብ ሕቑፊ ህዝቦም ንኣባይ ህዝቦም ስለዘፍቀሩ ፡ ሕጂ ንምብዓት ሓርገጽ ምንባዕ ንመን ከዳህልሉ ፡

( ምዒድካ ኣይንልቢ ፡ ሞዊጽካ ኣይንስኒ ) ንምኽርን ማዕዳን ህዝቦም እዝኒ ክህቡ ስለዘይመረጹ ፡ ኣሎ'ኮዩ እቲ መዝገብ ፡ መዝገብ ክሕደት ፡ መዝገብ ምድሕርሓር መዝገብ ጥልመት ፡ መዝገብና በባዕልና ድኣ ንሕተተሉ እምበር ፡ ኣብ ባህልና ሰጋይ ሰጋኻ ምብሃሃል ቅቡል'ኳ እንተኾነ ኣብ ሃገራውነት ግን ኣይቦትኡን ፡ ``ይሃ ጅናና ይሃ ጅናና ! ድብኣያ ዓልካ ፡ እትምዕል ብካይና`` ?

ጽሓይና መሊኣ በሪቓ

ናጽነትና መሊሳ ደሚቓ ፡

ክብርን መጎስን ነቶም ነዚ ብርሃን ክዕድሉና በጃ ዝሓለፉ ጀጋኑ ፡

ዓወት ንሓፋሽ !

ካብ ብርዒ ሓቂ